ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT**

# ቅሉዕ መግለጺ መሰረታት
# ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ዕለት 11 ክሳብ 17/10/2017 ከም እተኻየደ ዝዝከር እዩ። ካብዚ ጉባኤ እዚ ዝተመርጸ መሪሕነት ንውድብና ካብ ዝነበሮ ናብ ዝማዕበለ ናይ ስራሕ መድረኽ ንኽሰጋግሮ ዝነበረና ትጽቢት ዕዙዝ እዩ ነይሩ። ይኹን እንበር፡ ይሰረሓሉ ዝነበር ሓበራዊ ኣሰራርሓን ግሉጽነትን መሰረታት ከም ልሙድ ስልቲ ወሲዱዎ ዝጸንሐ ፣ መሪሕነቱ ናብ ዘይብሩህን ኣሰካፍን ኣንፈት ይመርሖ ከምዘሎ በብግዜኡ እናበርሃሉ መጸ ። እቲ ብምሉእ እምነት መሰረታት ውድብ ዝተመስረተት ዝመስለና ዝነበረ መሪሕነት ፣ ንኣባላት ውድብ ኣብ ደጋፍን ተቛዋምን ኣብ ምጉጅጃሉ ነጢፉ ይሰርሕ ከምዝነበረ ክበርህ ክኢሉ። ካብዚ ሓሊፉ እውን፡ ተገሪሁ ብእምነት ዝጓዓዝ ዝነበረ መሰረታት ፡ ቅድሚ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤን ብድሕሪኡን ብስዉር ዝካየድ ዝነበረ ኣሰራርሓ ክገሃደሉ ጀሚሩ ። እዚ ዝተዓዘቡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ዝነብሩ ኣባላት ፣ ብውድባዊ ሓልዮት ተደሪኾም፣ ኩነታት ውድብ ከይሳዕረረን ሓድነት ውድብ ንሓደጋ ከይተሳጠሐን እንክሎ መታን ክእረም ፣ ናብቲ ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታት ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ማእከላይ ባይቶ ውድብ ለበዋ ዝትሕዝቶኡ ምሕጽንታ ልኢኾም። ሕመረት ናይቲ ምሕጽንታ ድማ፣ እቶም ናይ ውድብ ህንጻዊ ኣዕኑድ ዝኾኑ ሰለስት ትካላት፣ ማለት ማእከላይ ባይቶ፣ ፈጻሚ ኣካልን፡ ከምኡ ከኣ ተቖጻጻሪትን ተኸታታሊትን ሽማግለን፣ ብዘይካ እቲ ብውሑዳት ወልቀሰባትን መሻራኽቶምን ዝተዓብለለ ፈጻሚ ኣካል፣ ካብተን ዝተረፋ እታ ቀዳመይቲ ፈጺማ ክትርመስ ከላ፡ እታ ካልኣይቲ ድማ ፈጺማ ከይተመስረተት ተሪፋ ስለ ዝነበረትን፣ ማእከላይ ባይቶ ጉዳይ ናይዞም ወሰንቲ ኣዕኑድ ውድብ ርእዩ ንክዕሪዮ ዝጠልብ እዩ ኔሩ።

በዚ ምኽንያት ድማ ፣ ነቲ ንውድብ ኣንጸላሊዩዎ ዝነበረን ዝቀጸለን ሓደጋ ብዘይካ እቲ ሓላፍነቱ ካብ ጉባኤ ተጎናጺፉ ዝወጸ ማእከላይ ባይቶ ውድብ ካልእ ፍታሕ ከምጽእ ዝኽእል ኣካል ከምዘየሎ መሰረታት ተገንዚቡ። ካብዚ ብምብጋስ እዩ ከኣ መሰረት እቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ምሕጽንታ ናብ ነፍስ ወከፍ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ዝለአኸ። ዕላማኡ ድማ ኣባላት ባይቶ ስክፍታታት መሰረታት ርእዮምን ከም ኣጀንዳ ተቀቢሎምን ፣ ውድብና ካብቲ ኣትዩዎ ዝነበረን ዘሎን ደውታ፡ ካብ ናይ ገለ ውልቀሰባት ውልቃዊ ጥሙሓት መዋስኢ ካብ ምኳን ኣድሒኖምን፣ ናብቲ ልሙድ ሓባራዊ መሪሕነት (collective leadership) መሊሶምን ኣደልዲሎምን ሓድነት ውድብ ከረጋግጹ እዩ ኔሩ። እንተ ኾነ ግን ኣባላት ባይቶ ነዚ ሓላፍነት ክወስዱ ዘይምብቃዖም ካብቶም መሰረታት እምነቱ ኣንቢሩሎም ዝነበሩ መሪሕነታዊ ባእታታት እምነቶም መዝሚዞም ንነዊሕ ዓመታት ዝተሰርሐሉ ስዉር ጉጅለ ደልዲሉ ውድብ ተቖጻጺሩ ከምዘሎ ብተግባር ተረጋጊጹሎም።

ኣተሃላልዋ መሪሕነት ውድብ ከምዚ ዝተጠቕሰ ስለ ዝነበረ እቲ ቀንዲ ስክፍታን ዕላማን መሰረታት ምፍንጫል ምውጋድ ኮይኑ ሰለ ዝረኸቡዎ ከም ቀይሕ መስመር ቆጺሮም ናይ ምግምማዕ ሓደጋ ንምግታእ፣ ንኣባላት መሪሕነቶም ብምሕጽንታ ኣባላት ኣቢሎም ፍታሕ ከናዲዩ ንከባቢ ክልተ ዓመት ዘእክል ዘይፈንቀሉዎ እምንን ዘይኳሕኩዎ ማዕጾን ኣይነበረን ። ኮይኑ ግን ፣ እቲ ብዊንታ ውሑዳት ዝምራሕ ዝነበረን ዘሎን መሪሕነት፣ ንብዙሓት ኣባላት ኣባሪሩን ኣደስኪሉን ከምዘሎ ክነረጋግጽ ንፈቱ። መሪሕነት፣ ውድባዊ ሸግራት ብስልጡን ኣገባብን ዘተን፣ ሕድገታት እና ገበረን፣ ንክፈትሕ መታን ዝተፈተኑ ኩሎም ጻዕርታት ሰለ ዘምከኖም መሰረታት ምሉእን ታሪኻዊ ሓላፍነት የሰክሞም።

ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ ኣቦወንበር ማእከላይ ባይቶ ዓው ኢሉ ንሕና ውድብና ኣደስኪልና ክንሰርሕ ቁሩባት ኣለና ዝበሎን ኣቦወንበር ውድብ ደጋጊሙ ዋላ 5 ንትረፍ ክንቅጽል ኢና ዝበሎን እናጠቀስና ብቃል ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ተግባር ጎሊሁ ተራእዩ ፣ ሕሉፍ ሓሊፍዎ ግህሰታት መሪሕነት ንዝተቃወሙ ኣባላት ብኸድዓትን ሰለያን ህግደፍን ጭብጢ ዘይብሉ ክጥቅን ተራእዩ ።

እነሆ ድማ መደምደምታ ፍሽለት መሪሕነት ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት፣ ደንጉዩ ዝተካየደ ሳልሳይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ፡ ኣብ ክንዲ ካብ ብልቦናን ሓላፍነትን ተላዒሉ ፣ ነቶም ኣብ ስርዒት ውድብና ኣሎና፣ ምፍንጫል ምርጫና ኣይኮነን፣ ብቀንዱ ድማ ዋናታት ውድብ መሰረታቱ እዩ ፥ መሪሕነት ግን መጻእን ከያድን ኢዩ፣ ኢሎም ኣሚኖም ብተስፋ ፍታሕ ዝጽበዩ ዝነበሩ መሰረታት፣ ውጽኢት ኣኼባ ባይቶኦም ዘይተጸበዩዎ መርድእ ሕዚሎም ወጺኡ። እቲ መርድእ ድማ ማእከላይ ባይቶ ውድብ ከይተረፈ ብዊንታ ዉሑዳት ተዓብሊሉ ከምዘሎ ብዳግም ምርግጋጹ እዩ።

መሰረታት ውድብ ፣ ሕጂ`ውን እንተኾነ፣ ኣብ ስርዒት ውድቦም ቀጥ ኢሎም ከምዘዉ ብትሪ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። መሰረታት ብእምነት ሓላፍነት ዝተረከበ መሪሕነት፣ ንዓመታት ብምስጢራዊ ደልሃመት ተጎልቢቡ ዝሰርሕ ዝነበረ ጉጅለ ይዕብልል እዩ ዝብል ኣምር ኣየቃለበሉን ኔሩ ጥራይ ዘይኮነስ ኣይጠርጠረን ። መሪሕነት ንምቁጽጻር ንነዊሕ እዋን ከም ተሰርሓሉ ዘብርህ ተረኺቦ ድማ ክሳብ ብጉጅለኦም ይኹን ብጨናፍሮም ከይተወከሉ ብሕጓ ኣብ ጉባኤ ተሳቲፎም ኣባላት መሪሕነት ኮይኖም ዝተመልሱ ባእታታ ከምዘለዉ ድሒሩ ዝተፈልጠ እዩ። ብኣንጻሩ ግን እቲ ዘገርም ጉዳይ ብጉቡእ ዝተመረጹ ኣባላት መሪሕነት ተደስኪሎም ይርከቡ ምህላዎም እዩ ። እዚ ተንኮላዊ ስልቲ ህርፋን ስልጣን እዚ ብሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ደረጃ እውን፡ በዞም ንውድብና ዝርምሱ ዘለዉ ውልቀሰባት ከምተኻየደ ዝፍለጥ እዩ። ኩለን ውድባት ብክልተ ባእታታት ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ክሳተፉ እንክለዉ፣ ውድብና ግን ብክልተ ብዕላዊ ማዕጾ ዝኣተ ዉን፣ ሓደ ኣባል ድማ ብሕጓ ዘኣተወን ከምዘሳተፉ ዝተፈልጠ ጉዳይ እዩ።

ሰለዚ፣ ከም መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ መጠን፣ ብመሰረት ሕገ ህንጻ ውድብናን ፖለቲካዊ ሚዛናትናን መሰረት፣ ብዛዕባ ህልዊ ኣተሃላልዋ መሪሕት ውድብ በዚ ዝስዕብ ኩነትን ሕጋዊ ብይናትን ዝተገዝኤ ከምዝኮነ በዚ ዝስዕብ ነጥቢታት የብርሆ ።

1- ብሕጊ፥ ካብ ጉባኤ ዝተመርጹ መሪሕታት ውድብ ካብ ዝተመርጽሉ ዕለት ጀሚሮም ክሳብ ዕለት 17/10/2020 ሕጊ ዝብይኖሎም ስልጣን ኣለዎም። ካብ ዕለት 18/10/2020 ንድሓር ግን ናይ ሓጋግነት ይኩን ሕገ ህንጻ ተንከፍ ስልጣኖም ኣኽቲሙ ኢዩ ። ስለዚ እዛ ዝነበረት መሪሕነት እትውሰኖን እትገብሮን ዝኾነ ይኹን ፓለቲካዊ ዲብሎማስያዊ ስምምዓት ወይ ዝወሰድዎ ስጉምትታት >>> ወዘተ ንውድብ ግሃድኤ ከምዘይውክል ንሕብር ። ምርጫና ድማ መሰረታት ውድብ ንሓድነት ውድብ ብዘዑቅብ ኣገባብ ንኩሉ ዝሓቑፍ ንራባዓይ ውድባዊ ጉባኤ እተዳሉን ፣ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሰራሕ ኣሳሊጣ ንውድብ ናብ ጉባኤ ንክተእትዎ ምጽዓት ጥራይ ይኸውን።

2- ከምቲ ሕገ ህንጻዊ ዓንቀጽ 6 ዝብይኖ ብመሰል ኣባልነት ተማእዚዙ ምሕጽንታ መሰረታት ኣብ ክንዲ ዝምልስ፣ መሪሕነት ውድብ ንውድብ ኣብ ሕንፍሽፍሽ ሸሚሙዎ ይርከብ።

3- መሪሕነት ውድብ ብውሑዳት ዝዝወር ጉጅለ ተዓብሊሉ ምህላዉ ብሩህ ስለዝኾነን ፥ እዚ ድማ ነቲ ሓባራዊ መሪሕነት ዝብል ናይ ኣመራርሓ ስልቲ ኣምኪኑ ንናይ ወልቀሰባት ምልካዊ ሕልምታት ኣፍደገ ከፊቱ ይርከብ።

4- ብመሰረት ሕገ ህንጻ ውድብ ዓንቀጽ 16 ፥ ኑኡስ ዓንቀጽ 5 ዝብይኖ ገንዘባዊ ፖሊሲታትን ምሕደራ ባጀትን ውድብ ብጉቡእን ግሉጽነትን ኣብ ክንዲ ዝመሓደር ፥ ቀሊል ዘይኮነን ምንጩ ዘይተገልጸን ገንዘብ ብስም ህያብ ንሃገራዊ ባይቶ ከም እተለገሰ ይፍለጥ ። እዚ ማለት ግን እቲ ኣገባብን ዘይንጹር ምኟኑን እንተዘይኮይኑ ንሃገራዊ ባይቶ ዝዋሃብ ሓገዝ ተቃውሞ የብልናን ።

5- ንሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክመርሕ ዝምደብ ኣባል ብማእከላይ ባይቶ ድሕሪ ምምዳቡ፣ እም ተደራቢ ውድባዊ ሓላፍነት ምስዝህልዎ፣ ካብቲ ውድባዊ ሓላፍነቱ ክወርድ ይግባእ። ምኽንያቱ ድማ ድርብ ሓላፍነት ክህልዎ ሕገ ህንጻ ውድብና ይኹን ሕገ ሕንጻ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ስለ ዘይፍቅድ እዩ። እዚ ማለት፣ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ሃገራዊ ባይቶ ኾይኑ ብተወሳኺ ምኽትል ኣቦ መንበር ውድብን ሓላፊ ፖለቲካውን ስርዒታውን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ምኟን ድርብ ሓላፍነት ምሓዝ ስለ ዝኾነ ዘይሕጋውን ዘይሓላፍነታውን እዩ።

6- ተቖጻጻሪትን ተኸታታሊትን ሽማግለ መሰሪቱ ንክመርሕ ጉባኤ ዝመረጾ ኣባል ውድብ ኣብ ክንዲ ዓንቀጽ 19 ሕገ ህንጻ ውድብ ኣተግቢሩ ግቡኡ ዘማልእ፣ ኣብ ዘይምልከቶ ጉዳያት ተጸሚዱ ባህግታት ወልቀሰባት ኣብ ምርዋይ ይነጥፍ ከምዝነበረ ንመሰረታት ውድብ ብሩህ ኢዩ ።

7- ብሕጉ-ህንጻ ውድብ መሰረት ፣ መጻኢ-ጉባኤ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ቅድሚ ዕለት 17/10/2019 ክትቀውም ሕጋዊ ግዴታ ክነሱ፥ መሪሕነት ውድብ ነዚ ዘይምፍጻሙ ዓቢ ግህሰት ምኟኑ መሰረታት ዝፈልጦ ሓቂ እዩ ። ዋላኳ ብጽንኩር ወድዓዊ ምኽንያታት ማእከላይ ባይቶ ምግባእ ጉባኤ ንሓደ ዓመት ከወንዝፎ ሕገ ህንጻ የፍቅድ እንተኮነ፥ ምስረታ ኣሰናዳኢት ሽማግለን ምጽሓፍ እትውክሶ ሕጋዊ መወከስታትን ከውንዝፍ ሕጊ ኣየፈቅድን እዩ። ብተወሳኺ ማእከላይ ባይቶ ምቛም ኣሰናዳኢት ሽማግለ ይኹን ሓላፍነታታ ናብ ትሕቲኡ ዘሎ ትካል (ፈጻሚ ኣካል) ከሰጋግሮ መሰል የብሉን። ናይ ዝሓለፈ ጉባኤ መስርሕ ነዚ መሪርን ተመዝማዝን ተሞክሮ እዚ ኣረጋጊጹዎ እዩ።

8- መሰረታት ምስዚ መግለጺ ኣተሓሒዙ ክብረሆ ዝደሊ እንተሎ፣ ብግላዊ ተበግሶ ንነዊሕ ግዜ ካብ ውድብ ርሒቆም ዝነበሩ ምኩራት ተቓለስቲ ዝቆመት ናይ ሰናይ ድልየት ሽማግለ፣ እሞ ንመሪሕነትን መሰረታትን ኣራኺባ ሽግራት ውድብ ብዘይ ሻራ መንጎኛ ኮይና ክትፈትሕ፣ ብክልቲኡ ሸንኽ ተቀባልነት ረኺባ ስረሓ ጀሚራ ንኣዋርሕ ጻዕርታት ዘካየደት ሽማግለ ፣ ብፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከምእተቆጸየት ክስመረሉ ነማሕጽን።
በዚ ኣጋጣሚ እዞም ብጾት ብሰናይ ድልየት ዘካየድዎ ጻዕርታት ብልቢ እናመስገናን፣ እዚ ሓዲሽ ተመክሮ እዚ ኣብ መንጎ ተቃልስቲ ንዝኣነፍ ጸገማት ንምፍዋስ ኣድላዪ መተካእታ ምኟኑ ስለ ንኣምን መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኩሉ ከድገፎን ክተባብዖን ብትሕትና ንላቦ ።

ኣብ መደምደምታ ፣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ፖለቲካውን ሕጋውን ገለጻ መሰረት ፣ብዕግበት ኣብዘሓ ቁጽሪ መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ መሪሕነት ወድብ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት ጀሚሩ ዕድመ ተግባራዊ ስልጣኑ ስለ ዘብቀዐ፥ ክሳብ ከምቲ ሕገ ህንጻ ውድብ ዝብይኖ ሓላፍነቱ ክሳብ ብኣጋባብ ዘርክብ፣ ምግዚታዊ ምምሕዳራዊ ተራ ጥርሕ እዩ ዘለዎ። ስለዚ፣ ካብ ዕለት 18/10/2020 ንደሓር ምስረታ ንራባዓይ ውድባዊ ጉባኤ እተዳሉ ኣሰናዳዊት ሽማግለን፣ ድሕነትን ሓድነትን ውድብ ናብ መሰረታትን፣ ከምኡ ከኣ ብዝተዋህቦም ሓላፍነት ተሰኒዮም ድሕነትን ሓድነትን ውድብ ዘገድሶም ኣባላት መሪሕነትን ወዲቁ ከምዘሎ እናኣብረህ ፣መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንኹሉ ኣባል ውድብ በብጽፍሑን ሓላፍነቱን እጃሙን ከልዕል ጸዋዒቱ የቕርብ ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ ፣
ወጊድ ንምፍንጫል፣
መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ደሕነት ኤርትራ
ዕለት 01/11/2020